Logopädischer
Dienst Linthgebiet

# ሓበሬታን ኣመትን ንባዕዳዊ ቋንቋ ዝዛረቡ ወለዲ

ፍቁራት ወለዲ

ብቀጻሊ ምስ ቆልዓኹም ዋላ ናይ ከባቢ ቋንቋ ጀርመንኛ እናኾነ ብቋንቋ ስድራ ክትዛረቡ ትሓስቡ ዲኹም ሓደሓደ ግዜ? ቆልዓኹም ኣብ ቤት-ትምህርቲ ጀርመንኛ ክ(ት)ኽእል ስለዘለዎ/ዋ ምስኡ/ኣ ከኣ ብጀርመንኛ ክትዛረቡ ከም ዘለኩም ትሓስቡ ዲኹም?
ቆልዓኹም ኣብ ምምሃር ካልኣይ ቋንቋኡ/ኣ ጀርመንኛ ደገፍ ምእንቲ ክ(ት)ቕበል፣ ዝስዕቡ መትከላት ሓገዝቲ እዮም፥

- ምስ ቆልዓኹም ብቋንቋ ስድራ ተዛረቡ ኢኹም
  ቆልዑ ብሓንሳብ ኣብ ሓደ ግዜ ወይ ብተኸታታሊ ብዙሓት ቋንቋታት ክመሃሩ ይኽእሉ እዮም፣ ኣብዞም ቋንቋታት ኣበርክቶ እንተ ደኣ ዝቕበሉ ኮይኖም። ምስ ቆልዓኹም ብናትኩም ቋንቋ ክትዛረቡዎ/ዋ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ድማ ንምምሃር ካልእ ቋንቋታት ነቲ ቆልዓ ጽቡቕ መሰረት ይህብ እዩ።
  ቆልዓኹም ምስ ቋንቋ ጀርመን ዝያዳ ክላለ እንከሎ፣ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ገዛ ከኣ ብጀርመንኛ ክዛረብ ክጅምር እዩ። እዚ ደረጃ ንቡር እዩ። ቀጺልኩም ብናይ ስድራ ቋንቋኹም ተዛረቡ ኢኹም። ቆልዓኹም ነዚ ቋንቋ ሽዑ ክርስዖ ኣይክእልን እዩ ከምኡ'ውን ድሓር ብርግጽ ውን ክዛረቦ እዩ።

- ኣብ ምምሃር ስድራዊ ቋንቋ ንቆልዓኹም ሓግዙ ኢኹም
  ምስ ቆልዓኹም ኣብ ዘቤታዊ ዕዮ ከም ምኽሻን ወይ ምቕማጥ ተዛረቡ ኢኹም። ምስ ቆልዓኹም ተጻወቱ ኢኹም፣ ብሓንሳብ ስእላውያን መጽሓፍቲ ረኣዩ ከምኡ'ውን ዛንታታት ንቆልዓኹም ንገሩ ኢኹም። ናይ ቆልዑ ደርፍታትን ግጥምታትን ካብ ዓደቦኹም ኣመሓላልፉ ኢኹም። ምስ ቆልዓኹም ብሓንሳብ ተኣንገዱ/ተዘናግዑ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዝገበርኩም ነገር ተዛረቡ።
  ምስማዕ ከምኡ'ውን ሓሳስ ኣብ ምንጋር ኣገደስቲ ኣድላይነታት እዮም ንምምሃር ቋንቋ።

- ቅድሚ ምእታው ኣብ ቤት-ትምህርቲ ህጻናት ንቆልዓኹም ምስ ጀርመንኛ ዝዛረቡ ቆልዑ ኣዕሪኹም ኣራኽቡዎ/ዋ ኢኹም
  ምስቲ ናይ ከባቢ ቋንቋ ጀርመንኛ ብኣጋኡ ምርኻብ፣ ንኣብነት ኣብ ሜዳ መጻወቲ ወይ ኣብ ጉጅለ ጸወታ፣ ቆልዓኹም ምስቲ ንቋንቋ ክዓቢ ዝያዳ ግዜ ይህብ እዩ።
  ናይ ቆልዓኹም ኣዕሩኽ ትዕድሙ ኢኹም፣ ብእኡ ተመኩሮታት ምስ ቋንቋ ጀርመን ንክእከብ ኣማራጺ ይወሃብ እዩ - ንሱ ኣገዳሲ ኣድላይነት እዩ ንድሓር ዝመጽእ መእተዊ ኣብ ቤት-ትምህርቲ ህጻናትን ቤት-ትምህርትን።

ጽኑዕ መሰረት ኣብ ሓደ ቋንቋ - ጀርመንኛ ጥራይ ዘይኮነ - ንሓደ ቆልዓ ኣብ ምሉእ ምዕባለኡ ከምዝሕግዝ ሎሚ ፍሉጥ እዩ። እቲ ኣብ ቋንቋኡ ርጉጽን ምቹእን ስምዒት ዘለዎ፣ ሽዑ ዋላ ኣብ ካልእ ቋንቋ ብንጡፍ ክዛረብን ክረዳድእን ይደሊ እዩ። ዝያዳ ሓደ ቋንቋ ምዝራብ ሓደ ዓቢ ሃብቲ እዩ ንናብራ ከምኡ'ውን ንስራሕ።

ኣብ ርክብ ምስ ዝተፈላለዩ ቋንቋታት ብዙሕ ደስታ ንምነየልኩም ኢና።

እተን ናይ ቋንቋ ፈወስቲ ናይ ኣገልግሎት ቋንቋዊ ፍወሳ ከባቢ Linth/ሊንት (Linthgebiet)
www.logopaedie-linthgebiet.ch
ጉንበት 2010

ምንጪ፥
- Triarchi-Herrmann, V.: Mehrsprachige Erziehung (ኣተዓባብያ ምስ ዝተፈላለየ ቋንቋታት)፥ Wie Sie Ihr Kind fördern.(ንቆልዓኹም ከመይ ገርኩም ተበርክቱ) München: Reinhardt Verlag, 2003.
- Flyer/መንሹር፥ www.ifp-bayern.de